## ወሰኻት ደሞዝ

| ምደባ | ሰነ፣ 2023 | ሰነ፣ 2024 |
|---|---|---|
| ፎኮስ ስራሕ < 6 ኣዋርሕ | $17.56 | $18.66 |
| ፎኮስ ስራሕ > 6 ኣዋርሕ | $17.86 | $18.96 |
| ከቢድ ስራሕ < 6 ኣዋርሕ | $18.28 | $19.38 |
| ከቢድ ስራሕ > 6 ኣዋርሕ | $18.53 | $19.63 |
| ሰራሕተኛ ፍሉይ ፕሮጀክት | $19.53 | $20.63 |
| መራሕ-ስራሕ (Lead Hand) | $19.28 | $20.38 |
| ኣወሃሃዲ ስርሒታት | $22.48 | $23.58 |

**በዚ ስምምዕ ዝተሸፈነ/ዝተጠቓለለ ሰብ ካብ ኣብ ታሕቲ ተዘርዚሩ ዘሎ ዝውሕድ ወሰኽ ክረክብ የብሉን፥**
**$1.20 ኣብ ሰነ 1, 2023**
**$1.10 ኣብ ሰነ 1, 2024**

## ተወሳኺ ዝኽፈሉ

እቲ ናይ ለይቲ ተወሳኺ ዝኽፈል ካብ 50 ሳንቲም ($0.50) ናብ 75 ሳንቲም ($0.75) ወሲኹ። ንሓድሽ ፎርክሊፍት ተወሳኺ ዝኽፈል እውን ኣብ'ቲ ስምምዕ ተወሲኹሉ ኣሎ፣ እዚ ድማ ነቲ ደረጃ ናይ ከቢድ ስራሕ ንሰዓት ሓደ ዶላር ($1.00) ይድመሮ።

መራሕ ስራሕን ፍሉይ ፕሮጀክትን ሕጂ ምደባ ኲይኖምስ ኣብ ልዕሊ እቲ ዓመታዊ ወሰኽ ደሞዝ ብተወሳኺ 25 ሳንቲም ($0.25) ወሰኽ እውን ከምዝረኽቡ ኣስተውዕል።

## ደፋፋኢ ቋንቋ ሕጊ ደረጃ ስራሕ (ESA Trigger Language)

ኣብ 2024 እቲ ዝተሓተ ደሞዝ እንተድኣ ወሲኹ፣ ሰራሕተኛታት 55 ሳንቲም ($0.55) + ስሳ ሚእታዊት (60%) ካብ'ቲ ናይ ዝተሓተ ደሞዝ ወሰኽ ወይ እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ወሰኻት፣ እቲ ዝበዝሐ ክረኽቡ ኢዮም።

## ንዓይ እውን ቋንቋ ክፍሊት ንምዕሩይነት

ኣስራሒ ንሓደስቲ ዝተቖጽሩ ሰራሕተኛታት ካብ'ቲ ኣብ'ቲ ዝተሓተ ተባሂሉ ዝተቐመጠ መጠን ዝለዓለ መጠን ደሞዝ እንተሂቡ፣ ኩሎም ኣብ ውሽጢ ሓደ ህንጻ ኣብ ማዕረ ወይ ዝለዓለ ምደባ ዘለዉ ሰራሕተኛታት ነቲ ዝለዓለ መጠን ደሞዝ ክረኽቡ መሰል ኣለዎም።

**ንሰራሕተኛታት ቢ ክሊን (Bee-Clean) ኣብ ስካይትሬንን (Skytrain ) ቤስት (Best cleaners) ኣብ ድሕረ-ካልኣይ ደረጃ ትካላት (post-secondary institutions)፣ ኢ ኤይ ስፖርትን ኮስታል ማውንተይን (Coastal Mountain) ኣውቶቡስን, ንመጠን ደሞዝኩም ዝተፈልዩ ጥብቆታት (addenda) ተወከሱ።**

ንዝያዳ ሓበሬታ ኣብ'ዚ ዝስዕብ መርበብ ሓበሬታ ተወከሱ፥ **justiceforjanitors.ca** ወይ ንወኪል ማሕበር ሰራሕተኛታትኩም (Union Representative) ኣዘራርቡ።

JUSTICE FOR JANITORS




2023
# ጐሉሓት ምእኩል ዋጋ ዕዳጋ ውዕል (Central Bargaining Contract Highlights)

**ብሓድሽ ሓባራዊ ስምምዕኹም እንቋዕ ሓጎሰኩም!**

ሳላ'ቲ ኣብ ዝሓለፈ 7 ዓመታት ብሰራሕተኛታት ዝተገብረ ዓቢ ናይ ምውዳብ ጻዕርታት፣ ናይ ሎሚ ዓመት ዋጋ ዕዳጋ (bargaining) ድሕሪ 1980ታት ኣብ ብሪቲሽ ኮሎምብያ ልዕሊ 2,500 ሰራሕተኛታት ኣብ ናይ ዋጋ ዕዳጋ ዘተ መኣዲ ተኣኪቦም ናይ መላእ ከተማ ውዕል ክወዓዓሉ ንፈለማ እዋን'ዩ።

እዚ ድማ ካብ ኣስራሕትና ዝያዳ ንክንወዓዓልን ዝኾነ ሕድገታት ክንኣቢን ኣብ ዝሓየለ ኩነታት ኣእትዩና።

**ብሓባር፣ ጌርናዮ/ተዓዊትናሉ!**

ኣብ ሎወር መይንላንድ (Lower Mainland)፣ ቪክቶርያን (Victoria) ኬሎውናን (Kelowna) ብቢ ክሊን ጽገና ህንጻ (Bee-Clean Building Maintenance)፣ በስት ኣገልግሎት ፕሮስ (Best Service Pros)፣ ጂ ዲ ኣይ ዝተዋደደ ኣገልግሎታት መሳለጥያ (GDI Integrated Facility Services)፣ ኣልፓይን ጽገና ህንጻ (Alpine Building Maintenance)፣ ኣልትራ-ቴክ ስርዓታት ጽሬት (Ultra-tech Cleaning Systems)፣ ሆል ማርክ ኣገልግሎታት ኣተሓሕዛ/ምሕደራ ገዛ (Hallmark Housekeeping Services)፣ ብ ጂ ኣይ ኤስ ዝተዋደደ ምሕደራ መሳለጥያን (BGIS Integrated Facility Management) ኣገልግሎታት ሲ ኤንድ ዳብልዩን (C&W Services) ንዝተቖጽሩ ኣባላት።

[Tigrigna]

# እዚኣቶም ዝርዝር ናይ'ቶም ናይ ዋጋ ዕዳጋ ሽማግለኹም (Bargaining Committee) ዝጨበጠቶም ቀንዲ ጉሉሓት ኢዮም፥

## ናይ ውዕል ግዜ
## ሰነ 1, 2023-ግንቦት 31, 2025

ንውሓት ናይ'ዚ ውዕል 2 ዓመት ክኸውን ኢዩ። ረብሓ ሓጺር ናይ ውዕል ግዜ ማለት ንምምሕያሽ ናይ ስራሕ ኩነታት ንምጥላብ ዝያዳ ቀልጢፍና ናብ መኣዲ ተመሊስና ኣለና ማለት ኢዩ።

## ውሕስነት ስራሕ

ናይ ዋጋ ዕዳጋ ሽማግለኹም ንሰራሕተኛታት ካብ ኣሰራርሓ ንኡስ ምውዕዓል (subcontracting) ዝከላኸል ተረር ቋንቋ ንኽህልወናን ወጻኢታት ንምንካይ ተባሂሉ ናይ ዋጋ ዕዳጋ ኣሃዱ (bargaining unit ) ስራሕ ብንኡሳን ተወዓዕልቲ (subcontractors) ንምትካእ ዝግበር ፈተነታትን ንምርግጋጽ ተቓሊሱ።

## ሕክምናዊ መተሓሳሰቢ

ኣስራሕትኹም ድሕሪ **<u>ሰለስተ (3) ወይ ልዕሊኡ መዓልታት ምሕምምኩም</u>** ናይ ሕክምና ወረቐት ክሓትኹም ይኽእሉ ኢዮም። ናይ ሕክምና ወረቐት እንተሓቲቶምኹም፣ ወጻኢታት ናይ'ቲ ናይ ሕክምና ወረቐት ክመልስልኩም ይግደዱ ኢዮም።

## ክፉት ናይ ስራሕ ቦታ ኣብ ኢንተርነት ምውዕዋዕ (Job Postings)፣ መሰላት ካብ ስራሕ ደው ምባልን (Lay-off ) ሕቶ ምቕያር ናይ ስራሕ ቦታን (Site Transfer)

ኣብ ሓባራዊ ስምምዕኩም ዘሎ ዓንቀጽ 12 ኣስራሕቲ ቅድሚ ካብ ደገ ምቝጻሮም ነቶም ህሉዋት ሰራሕተኛታት ንስራሕ ከመልክቱ ዕድል ንምሃብ ከመይ ገይሮም ንሓድሽ ናይ ስራሕ ቦታ ኣብ ኢንተርነት ከወዓውዑ ከም ዝግደዱ ይዝርዝር። መራሕ ስራሕን (Lead Hand) ሰራሕተኛ ፍሉይ ፕሮጀክትን ሕጂ ብኣገባብ ክፉት ናይ ስራሕ ቦታ ኣብ ኢንተርነት ምውዕዋዕ (job posting) ኣገባባት ዝግዝኡ ናይ ስራሕ ምደባ ኰይኖም ኣለዉ።

እዞም ዝተመሓየሹ ክፉት ናይ ስራሕ ቦታ ኣብ ኢንተርነት ናይ ምውዕዋዕ ዘቕርብዎ ኣብ ናይ መላእ ኩባንያ ግድምናዊ (seniority) ስርዓት ዝተመስረቱ ኢዮም።

እቲ ናይ ዋጋ ዕዳግ ሽማግለኹም እውን ኣስራሒ "በይኑ ንሰራሕተኛታት ኣብ መንን ናይ ስራሕ ቦታታት ክቕያይር/ከሰጋግር ኣይክእልን ኢዩ" ኣብ ዝብል ቋንቋ ተዓዊቱን ከምኡ'ውን ሰራሕተኛታት እንተደልዮም ንኣስራሒኦም ብጽሑፍ ብምሕባር ኣብ ብካልኦት ብማሕበር ዝተጠርነፉ ናይ ስራሕ ቦታታት ኣብ ብኢንተርነት ዝተወዓውዐ ክፉት ናይ ስራሕ ቦታ ኣብ ግምት ክኣትዉ ዕድል ይህቦም።

## ዕረፍትታት

ንሸውዓተ (7) ወይ ንልዕሊኡ ሰዓታት ፈረቓ (shift) ተመዲቦም ዘለዉ ሰራሕተኛታት ኣብ እዋን ፈረቓኦም ክልተ (2) ዝኽፈል ዓሰርተ ሓሙሽተ (15) ደቓይቕ ናይ ዕረፍቲ ግዜ ክረኽቡ ይግባእ።

ነፍሲ-ወከፍ ትሕቲ ሸውዓተ (7) ሰዓታት ፈረቓ (shift )ክሰርሕ ዝተመደበ ሰራሕተኛ ኣብ እዋን ፈረቓኡ ሓደ (1) ዝኽፈል ዓሰርተ ሓሙሽተ (15) ደቓይቕ ናይ ዕረፍቲ ግዜ ክህልዎ ይግባእ።

ኣብ ናይ ሓሙሽተ (5) ሰዓታት ወይ ልዕሊኡ ፈረቓ (shift) ዝተመደቡ ሰራሕተኛታት፣ ዘይተኸፍለ ናይ ሓደ ፍርቂ (1/2) ሰዓት ናይ መግቢ ዕረፍቲ ክረኽቡ መሰል ኣለዎም።

"ብሓባራዊ ስምምዕ እቲ ኣስራሒን ሓደ ሰራሕተኛን ዝቕየድ ኰይኑ እቲ ዕረፍቲ ኣብ መወዳእታ ፈረቓ (shift) ናይ'ቲ ሰራሕተኛ መደብ ክግበረሉ ይኽእል።"

ኣስራሒ ንሰዓታት ጸሎት ወይ ሃይማኖታዊ ጾም ንምትእንጋድ ናይ ዕረፍቲ ግዜ ንምምሕያሽ ርትዓዊ ጻዕሪ ክገብር ኢዩ።

## ዝተመሓየሸ ናይ ዕረፍቲ ደሞዝን በዓላትን

ሓቂን ዕርቅን (Truth & Reconciliation) ሕጂ ኣብ ሓባራዊ ስምምዕኩም ከም በዓል ኣፍልጦ ክረክብ ኢዩ!

ካብ ጥሪ 2024 ጀሚሩ፣ ኣርባዕተ (4) ዓመት ዝገበሩ ሰራሕተኛታት ብሽዱሽተ ሚኢታዊት (6%) ደሞዝ ንሰለስተ (3) ሰምንቲ ዕረፍቲ መሰል ክህልዎም ኢዩ፤ ዓሰርተ (10) ዓመት ዝገበሩ ድማ ብሸሞንተ ሚእታዊት (8%) ክፍሊት ናይ ኣርባዕተ (4) ሰምንቲ ዕረፍቲ ክረኽቡ ኢዮም።

ኣብ ህንጻታት ሓደ ክፋል ወይ ኩሉም ተቖማጦ፣ ድሕሪ ፋሲካ ንዘላ ሰኑይ (Easter Monday) ዘብዕሉዋ እንተተድኣ ኰይኖም ኣስራሒ ንሓደ ሰራሕተኛ ኣብ'ዘን መዓልታት እዚኣተን ንስራሕ ንከይመጽእ መምርሒ ዝህቦ እንተኰይኑ፣ እዚ ብጽሑፍ ይግበርን፣ ነታ መዓልቲ እቲኣ ድማ ስሩዕ ደሞዙ ክረክብ መሰል ይህልዎን። .

ካብ ጥሪ 2024 ጀሚሩ፣ ብመሰረት እዚ ስምምዕ ዝሸፈኑ **ኩሎም ሰራሕተኛታት**፣ ዕረፍቲ ኣብ ዘወስደሉ እዋን ወይ ኣብ መወዳእታ ዓመት ብጥረ ገንዘብ ዝወጽእ ኣብ ባንክ ዝኣቱ ናይ ዕረፍቲ ክፍሊት ክህልዎም ኢዩ።

## ዝኽፈሉ ናይ ውልቂ መዓልታት

ናይ ፈተነ ግዜኦም (probation ) ዝዛዘሙ ሰራሕተኛታት ኣብ ዓመት ሓደ (1) ዝኽፈል ናይ ውልቂ መዓልቲ ክረኽቡ መሰል ኣለዎም።

ሓሙሽተ (5) ዓመታት ኣገልግሎት ዝዛዘሙ ሰራሕተኛታት ኣብ ዓመት ተወሳኺ ዝኽፈል ናይ ውልቂ መዓልቲ (ክልተ [2] ዝኽፈል መዓልታት ኣብ ዓመት) ክህልዎም ኢዩ።

## ዝኽፈል ናይ ሕማም መዓልታት

ናይ ፈተነ ግዜኦም ዝዛዘሙ ሰራሕተኛታት ኣብ ዓመት ሓሙሽተ (5) ዝኽፈል ናይ ሕማም መዓልታት ክረኽቡ መሰል ኣለዎም።

እዚ ዓንቀጽ ኣብ ሓባራዊ ስምምዕና ብንጹር ተቐሚጡ ብምህላዉ፣ ዋላ'ውን ንሰራሕተኛ ብሕጊ ዝጸደቐ ረብሓታት ንምምላስ ዝውስን ናይ መንግስቲ ለውጢ እንተመጸ፣ እዘን ዝኽፈላ ናይ ሕማም መዓልታት ከምዝህልዉና የረጋግጸልና።

## ኣበል ዩኒፎርም

ዩኒፎርም ስረ ንምግዛእ ዝወሃብ ኣበል (ድሮ ብኣስራሒኻ እንተዘይተዋሂቡ) ካብ $50 ኣብ ዓመት ናብ $100 ወሲኹ ኣሎ።

ኣስራሕቲ እውን ንዋጋታት ምሕጻብ ዩኒፎርምኻ ንምሕጋዝ ኣብ ሰዓት ተወሳኺ ክልተ (2) ሳንቲም ከበርክቱ ኢዮም።

ኣስራሒኻ ኣብ ኣዋርሕ ክረምቲ ኣብ ደገ ክሰርሑ ንዝግደዱ ሰራሕተኛታት ናይ ኩባንያ መለለዩ ዘለዎ ናይ ክረምቲ ጃባን ብኣስራሒ ዝተመርጸ ናይ ክረምቲ ጓንቲን እውን ከቕርብ ኢዩ።

## ጥዕናዊ ረብሓታት

ኣብ'ቲ ረብሓታት ንምምዝጋብ ብቑዕነት ካብ ትሽዓተ (9) ኣዋርሕ ናብ ሽዱሽተ (6) ኣዋርሕ ወሪዱ ኣሎ።

ኣስራሒኻ ኣብ ዝሰራሕካዮ ሰዓት $1.27 ተወሳኺ ናብ ረብሓታትካ ምኽፋል ክቕጽል ኢዩ። ኣብ ጉዕዞ ናይ'ዚ ሓባራዊ ስምምዕ፣ ሕድሪ ማሕበር ሰራሕተኛታት (Union Trust ) ኣብ ጥቕምታትኩም ምምሕያሽ ንምግባር ዝያዳ ገንዘብ እንተሃልዩ ንምርኣይ ገምጋም ከካይድ ኢዩ።

እቶም በቲ ጥቕምታት ዘይተሸፈኑ ሰራሕተኛታት (እቶም ኣብ ወርሒ ትሕቲ 87 ሰዓታት ዝሰርሑ) ሕጂ መድሕን ህይወትን ድንገተኛ ሞትን ምቝራጽን መድሕንን ከምዝረኽቡ ኣስተውዕል። ንዝያዳ ዝርዝር ሓበሬታ ናይ ረብሓ ንእሽቶ መጽሓፍ ርአ።

## ኣብ መግለጺ ስራሕ (Job Descriptions) ኣብ ምርድዳእ ዝተበጽሓሎም ጽማቕ ውዕላት (Letter of Understanding)

ኣብ ውሽጢ ሰላሳ (30) መዓልታት ተኣኪቡ በዚ ስምምዕ ንዝሸፈኑ ምደባታት መግለጺ ስራሕ ዝውዕዓል ንኡስ-ኮሚቴ ቆይሙ ኣሎ።